FRIEDRICH EBERT STIFTUNG




# ሰራሕተኛታት ነብቅዖ
# ጥምረት እታዎታት ዓቅሚ

© FES ኢትዮጵያ ናይ ቅዳሕ መሰሉ ብሕጊ
ዝተሓለወ እዩ።
ስትራቴጂ ርክብ ብ፡ Unbox Marketing
www.unbox-marketing.com
መብራህርሂ ብአለማየሁ ተፈራ  (አሌክስ)
2024 Teferaalex4@gmail.com

ኣብ ሕድሕድ ዕውታውን ፅቡቕ ናይ ስራሕ ቦታን ዘይከሓድ ናይ ሰራሕተኛታት ዓቕሚ፣ዝተደራጀወ ሰራሕተኛ፣ፋትሓዊ ኣሰራርሓን ርኡይ ዕብየትን ኣሎ።

እዚ ጥምረት እታዎታት ዓቅሚ በቢ ቦትኡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ናይ ሓባር ዓቕሞም ብምጥቃም ናብ ዝሓሸ ደረጃ ንክሽጋገሩ ከም መርኣያ ዝተሰናድአ እዩ። ሰለዚ ከምኒ ሓረግ፣ ገመቺስ፣ ቢንየምን ሓያትን ዝኣመሰሉ ሰራሕተኛታት መምሃራይ ታሪኾም መሰረት ብምግባር ሰራሕተኛታት ዘለውዎም ዝተፈላለዩ ዓቕምታት ብምጥቃም ለውጢ ከምፅኡ ከምዝኽእሉ ክንርኢ ኢና።

እዚ ጥምረት እታዎታት ዓቕሚ ዝሖሸ ናይ ስራሕ ውዕሊ ንምድርዳር፣ ማሕበረሰብ ንምልዕዓልን ኣብ እስትራቴጂካዊ ተግባራት ንምስታፍን ዘኽእል ዓቕምን ብልሓትን የቕርብ።

ኣብዚ ዝተዘርዘሩ ሓሳባት ተወሳኺ ዓቅሚ ካብ ምኻን ሓሊፎምመሰረታዊ ለውጢ ንምምፃእን ኣብ ከባቢና ዘሎ ዓቕሚ ብኣግባቡ ንክንጥቀምን ምልዕዓል ይፈጥር።
ፍልጠት ተዓጢቕና፤ ብሓድነትን ብቖራፅነትን ለዉጢ ንምምፃእ እዚ ጥምረት እታወታት ዓቕሚ ክንርዳእ ይግባእ።

FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

FRIEDRICH
EBERT
STIFTUNG

# ንሓረግ ተላለይዋ፤

ኣብ ትካል ታክሲ ራይድ ላዕለዋይ ተቖፃፃሪት ዕለታዊ ምንቅስቓሳት ኮይና እተገልግል በዓል ሞያ IT እያ። መዋቕራዊ ጥንካረኣ ኣብ ስራሕ ቦታን ኣብ ዕዳጋን ካብ ዘለዋ ፍሉይ ክእለት ዝተበገሰ እዩ። እዚ ብቕዓታ ድማ ዝሐሸ ናይ ስራሕ ኩነታት ንክህሉ ክትሓትት የኽእላ።


መተግበሪ ፃዊዒት ታክሲ
ሀገራዊ ተበፃሕነት
መሰል ሰራሕተኛታት፣
መተግበሪ ፃዊዒት ታክሲ
IXAT
TAXI

FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# ንገመቺስ ተላለይዎ፧

ገመቺስ ኣብ ፋብሪካ ጠርሙዝ ናይ መዐሸጊ ክፍሊ ይሰርሕ። ገመቺስ ምስ መሳርሕቱ ንመሰላቶምን ንዝሓሸ ናይ ስራሕ ሃዋህዉን ንምቅላስ ቆሪፆም ተላዒሎም ኣለዉ።



# ቢንያም ተላለይዎ፤

በዓል ሞያ ሕርሻ ዕምበባ ዝኾነ ቢንያም ማሕበረሰቡ ኣብ ምትእስሳር ንፉዕ እዩ። ንማሕበር ሰራሕተኛታት ድጋፍ ንምርካብን ዝሐሸ ናይ ስራሕ ሃዋህው ንኽህሉ ንምሕታትን ምስ ካልኦት ማሕበራት ሓቢሩ ክሰርሕ ምኽኣሉ ዝሓሸ ተፅዕኖ ክፈጥር ኣኽኢልዎ እዩ።


ሕብረት ዝያዳ ጠንካራ ይገብረና
• ናይ ሰራሕተኛታት ዓወት፣ ናይ ማሕበረሰብ ዕብየት
ሕምባሻ ንደሊ ኢና ከምኡ'ውን ፅገሬዳታት!
ብዘይ ማሕበር ፍትሒ የለን።
ሕምባሻ ንደሊ ኢና ከምኡ'ውን ፅገሬዳታት!
ሕብረት ዝያዳ ጠንካራ ይገብረና

FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# ሓያት ተላለይዋ፧

ሰራሕተኛ ፋብሪካ ጨርቃመርቅን አባል ማሕበር ሰራሕተኛታትን ዝኮነት ሓያት ቅድም ክብል ፍሉይ መሰላታ ንምርካብ ናይ ማሕበር ሰራሕተኛታት ድጋፍ ረኺባ እያ። ጠንካራ ሕጋዊ መምርሒ ብዘለዎ ቤት ፍርዲ ዝግበረላ ድጋፍን ብዝተዘርገሐ ሓበራዊ ናይ ድርድር ስርዓትን መሰረት ኣብ ትካላ ዘለዋ ስልጣን ክተረጋግፅ ኪኢላ እያ።


ሓዱሽ መሰል ሰራሕተኛታት

# ምንጬታት ዓቕሞም እንታይ እዮም? ንሳቶም ንምርካብ ፃዕሪ ይግበሩ!

# ትንታነ SWOT

ገመቺስን መሳርሕቱን ሓበራዊ ዓቕሞም ንምጥቃም ዘለዎም ጥንካረ፣ ድኽመትን ዕድላትን ከምኡ ውን ስግኣት ድሕሪ ምግምጋሞም ናይ ወናኒ እቲ ትካል ዕዉትነት ኣብ ሰራሕተኛታቱ ከም ዝድረኽ ተረዲኦም ኣለዉ።


ንሕና እውን ሰባት ኢና
ብሓድነት ጠጠው ንበል
መሰል ሰራሕተኛታት
ንሕና እውን ሰባት ኢና
መሰል ሰራሕተኛታት
ብሓድነት ጠጠው ንበል
መሰል ሰራሕተኛታት
ንሕና እውን ሰባት ኢና
መሰል ሰራሕተኛታት

FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# ምስጋር ዕንቅፋታት

ሓያት ተሚዷቲት ስርዓተ ፆታ እያ። ኣብቲ ምስሊ ከምዝረአ ውክልና ስርዓተ ፆታ ብዝምልከት ዕብየት ከተዓናቕፍ ዝኽእል ናይ መስርሕ ፀገም አሎ እዚ ንምፍታሕ ድማ ቀጥተኛ ዝኾነ መዋቕራዊ ለውጢ ክግበር ኣለዎ ትብል።


ኮሚቴ ሰማዒ ቅሬታ ናይ ማዕርነት ስርዓተ ፆታ
በዓል ሞያ ስርዓተ-ፆታ
ሓላፊ ማዕርነት ስርዓተ-ፆታ
በዓል ሞያ ስርዓተ-ፆታ

FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# ስትራቴጂካዊ መምርሒ ትልምታት

ሐረግ ንቕድሚት ንምስጓም፣ተሓታታይነት ኣመራርሓ ንምስፋንን ፃዕርታት ማሕበር ሰራሕተኛታት ንምትእስሳርን ግልፂ ዝኾነ ዓላማን ትልምን ምንፃር ኣድላዪ እዩ ትብል።


ምቹው ናይ ስራሕ ኩነታት? ከመይ?
ሕቶ ስራሕተኛታት!
ንዓለም?
ሓሙሽተና ጥራሕ?

FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# መርበባት ርክብ

ቢንያም ኣብ ስራሕ ቦታ ዝደለዮም ወሰንቲ መረዳእታታት ንምርካብ ስለ ዝተፀገመ አድላይነት ጠንካራ መርበባት ረክብ ኣብ ስራሕ ቦታ ይርዳእ። እዚ ድማ ሓባራዊ ተግባራትን ምንቅስቃሳትን ንምዕባይ ዕዙዝ ድጋፍ የበርክት።


ደብዳበና በጺሑካዶ?
እወ እቲ ፊርማ ግን ብደምቢ ኣይረኣይን።
ብዛዕባ ሰራሕተኛታት ሕርሻ ዕምበባ ከረኽብዎ ዝግባእ መሃያ ሓበሬታ እለናዶ?
ኣይ፤ሓበሬታ ከርከብ ኣይተኽኣለን።
ናይቲ ኣኼባ ሰዓት ነጊርካዮምዶ?
ውይ! ረሲዐዮ።

FRIEDRICH
EBERT
STIFTUNG

# ቀዳምነት ምሃብን ክትትልን

ቡዙሕ ግዘ ሰባት ቅሬታታት እንተቅርቡ ኩርዓት እናተሰመዖም እዩ ይኹን ደአምበር ትኽክለኛ ዓወት ዝርከብ ተፈፃምነት እዞም ቅሬታታት እንትነረጋግፅ እዩ ምኽንያቱ ድማ ብዙሓት ቅረታታት ሽለል ተባሂሎም ንጎኒ ክግደፉ ምርኣይ ልሙድ ስለዝኾነ። ሰለዚ ድማ ዉፅኢታዊ ንምኻን ቀፃላይነት ዘለዎ ክትትል ተፈፃምነት ወሰንቲ ተግባራት ኣድላዪ እዩ።


ንሎምዓንቲ ስርሒይ ኣብዚ ይውዳእ።
ቅሬታታት

FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# መልእኽታት ቅስቀሳ


ሓያት ብ ሓፀርቲ ፣ መእመንትን መነቓቓሕትን ናይ ቅስቀሳ መልእኽትታት ዕውቲ እያ። ነዋሕትን ግልፂ ካብዘይኮኑን መልእኽትታት ሓፀርትን ግልፅን ዝኾኑ መልእኽትታት ብዝሐሸ መልክዑ ናይ ሰራሕተኛታት ሕቶ ከንፀባርቁ ከመዝኽእሉን ሰፊሕ ናይ ማሕበረሰብ ድጋፍ ከም ዝረኽቡን ትኣምን።


ፋብሪካ ጨርቃ መርቂ
ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መዳይ
ምምሕዳር!
ንሕና ደቂ ኣንስትዮ ዝሐሸ ናይ ስራሕ
ኩነታት ንክህልወና ንሓትት
ማዕርነት ንኹሉ!
ማዕርነት ፆታ!
መሃያ ተመጣጣኒ
ከኸውን ኣለዎ!

FRIEDRICH
EBERT
STIFTUNG

# ሰንጠረዥ ካርታ

ቢንያም ዋና ተዋሳእቲ ጉዳይ ሰራሕተኛታትን መዳርግቲ ኣካላትን ንምፍላይ ንከኽእሎ ናይ ስራሕ ቦታ ካርታ አዘጋጂዉ ኣሎ።እቲ ክልውጦ ዝሓሰበ ስርዓት ምልላይን ምስ ግዳማዊ ተፅዕኖታት ዘለዎ ርክብ ክርዳእ ምኽኣሉ ንፁር ዝኾነ እስትራቴጂ ንምሕንፃፅ ወሳናይ ምዃኑ ተገንዚቡ እዩ።


ባንኪ
NGO
መንግስታዊ ዘይኮነ ትካል
ማሕበር ሰራሕተኛ
ናይ ህዝቢ ማሕበር

FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# ሜላን ብልሓትን ሰራሕተኛታት

ገመቺስን መሳርሕቱን እዋናዊ ኩነታትን ሰፊሕ ዓቕሚን እቲ ትካል ብምርዳእ ንድርድር ተቐሚጦም ኣለዉ። ብዛዕባ እቲ ትካል ዓሚቕ መረዳእታ ምሓዞም ብወናኒ እቲ ትካል ንዝበፅሖም ፅዕንቶ ብመረዳእታ ተደጊፎም ንክምጉቱ የኽእሎም።


ንዑ ቡን ስተዩ
ድልየት ሰራሕተኛታት
መድሕን ጥዕና ቤተሰብ
10 ሚእታት ወሰኽ መሃያ
ዝሐሸ ናይ ሰራሕ ኩነታት
ሰራሕተኛታት ዘጋጥምዎም ፈተናታት
ምህርቲ ብ 20 ሚእታት ምቅናስ
ዝተጋነነ ወሰኽ ዋጋ
ሓዱሽ ተወዳዳራይ ናብ ዕዳጋ
ምእታው

FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# ሓባራዊ ድርድር

ሐያትን መሳርሕታን ንድርድር ውዕሊ ምስ እቲ ትካል ተራኺቦም ኣለዉ። ብዛዕባ ኣሰራርሓን ኲነታት ኢንዳስትሪን እቲ ትካል ብዝግባእ ዝተረደአ ማሕበር ሰራሕተኛ ዉፅኢታዊ ዝኾነ ናይ ሓባር ድርድር ንምግባር ዘሐሸ ዕድል ከም ዘለዎ ተረዲኦም ኣለዉ።



FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# መደራደሪ ነጥብታት

ከም ተወካሊ ሰራሕተኛታት ቢንያም ወሰንቲ ጉዳያት ሰራሕተኛታት በቢ ደረጀኦም ኣቕሚጥዎም ኣሎ። ክልቲኦም ማለት እውን ተወከልቲ እቲ ትካልን ማሕበር ሰራሕተኛን እቲ ድርድር ብዙሓት ጉዳያት ከም ዘካትት ኣሚኖም ኣለዉ። ስለዚ ድማ ኣብ መንጎ እቲ ትካልን ማሕበር ሰራሕተኛን ኣብ ዝግበር ድርድር ኣብ ፍትሓዊ ስምምዕ ንምብፃሕ ግልፂ ዝኾነ ምይይጥ አድለዪ እዩ።


ፅቡቕ ክፍሊት
ጥዕናን ድሕንነትን
ፅቡቕ ናይ ስራሕ ቦታ
ኢንቨስትመንት
ትርፊ ኩባንያ
መምረታይነት
መሰል ሰራሕተኛታት
ተመጣጣኒ ክፍሊት

FRIEDRICH
EBERT
STIFTUNG

# ድርድራት ምርታዕ

ሓረግ ኣባላት ማሕበረሰብ፣ኣመራርሓ፣ናይ ሲቪል ማሕበራትን ናይ ሰራሕተኛ ማሕበራትን ዘሳተፈ ውፅኢታዊ ድርድር ክተካይድ እያ።እዚ ፃዕራ ድማ ኣብ ልዕሊ ዉሳነ ወሃብቲ ኣካላት እቲ ኩባንያን መንግስትን ፅዕንቶ ብምፍጣር ድልየታት ሰራሕተኛ ክማልኡ ኣብ ምግባር ዝዓለመ እዩ።



FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# ሜላታት ኣድማ

ገመቺስን መሳርሕቱን ሕብረት ሓይሊ ምዃኑ ይኣምኑ። ስለዚ እዩ ድማ ካልኦት መማረፂ መንገድታት ዕሽሽ እንትበሃሉ ሕቶኦም ንምልዓል ስራሕ ጠጠዉ ናይ ምባል ኣድማ ከም ብሕታዊ መማረፂ ዝተጠቐሙ ዓለምኦም ድማ ኣመራርሓ እቲ ትካል ንሕቶታት ሰራሕተኛ ኣፍልጦ ክህብ ምግባር እዩ።



FRIEDRICH EBERT STIFTUNG

# ምሕንፃፅ ውዕሊ ስራሕ

ከም ወኪል ሰራሕተኛታት ኣብ ምሕንፃፅ ውዕሊ ስራሕ ግልፂ ቃላት ምጥቃም ዓብዪ ፋይዳ ከም ዘለዎ ገመቺስ ተረዲእዎ ኣሎ። እዚ ግልፅነት መሰላት ሰራሕተኛ፣ ስራሕ መረከቢ መዓልትታትን ካልኦት ጉዳያትን ብዝርዝር ካብ ምግላፅ ሓሊፉ ንኹሎም ወገናት ዝውክልን ኣብ ሓዲኦም ክበፅሕ ንዝኽእል መድልዎ የውግድ።


ውዕሊ ስምምዕ
ፕሮፖዛል ኮንትራት

# ፍልፍል ዓቕሞም ነጺሮም ፈሊጦም'ዶ

FRIEDRICH
EBERT
STIFTUNG